# ብዛዕባ ክታበታት ንዓኺ ነፍሰ-ጾር ዝኾንኪ

ንስኺ ነፍሰ-ጾር ዝኾንኪ ምእንታኽን ምእንተ ውላድክን ክታበት ጸረ ትኽትኽታ፡ ኢንፍሉወንዛን ኮቪድ-19ን ክትክተቢ ትምከሪ። ኣብዚ፡ ብዛዕባ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝኾነን፡ ብዛዕባ እቶም ሕማማት እንታይ ምኺኖምን ብዝያዳ ከተንብቢ ትኽእሊ ኢኺ።

ሰለስቲኦም ሕማማት ብንፋስ ክላብውን፡ ንኣብነት እቲ ዝሓመመ ሰብ ክስዕል ወይ ክህንጥስ ከሎ ክመሓላለፉን ይኽእሉ እዮም። ንስኺ ነፍሰ-ጾር ክትክተቢ ከለኺ ንውላድኪ እውን ካብዚም ሕማማት ትከላኸልሉ ኢኺ።

## ብዛዕባ ትኽትኽታ

ትኽትኽታ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ምስዓልን ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ፍኹስ ዝበለ ረስንን ዘለዎ ጉንፋዕ ኮይኑ ዝጅምር ሕማም እዩ። ኣብ ዓበይቲ እዚ ሕማም መብዛሕትኡ ግዜ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ምስዓል ማለት እዩ። ንቈልዑ እቲ ምስዓል ድሕሪ ሓደ ወይ ሒደት ሰሙናት ጽዑቕ ክኸውንን ናብ ምምላስ ክምዕብልን ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ መንጎ እቲ መጥቃዕቲ ምስዓል ምስትንፋስ ከጸግም ይኽእል ማለት እዩ። እዚ ሕማም እዚ ኣዝዩ ተላባዒ ኮይኑ ንህጻናት ከቢድን ንሞት ዘቃልዕን ክኸውን ይኽእል እዩ።

ነፍሰ-ጾር ኣብ ዘለኽሉ እዋን ጸረ ትኽትኽታ ምስ ትኽተቢ፡ ንውላድኪ እውን ትከላኸልሉ ኢኺ። እቲ ቈልዓ ካባኺ ኣንጻር ትኽትኽታ ጸረ ዳና ኣካል ይረክብ እዩ። እዚ ነቲ ቈልዓ ካብ ዝውለድ ክሳብ ሰለስተ ወርሒ ገይሩ ባዕሉ ዝኽተብ ካብ ሕማም ይከላኸለሉ እዩ። ናይ ገዛእ ርእስኺ መከላኸሊ ጸረ ትኽትኽታ ይድልድልን ንለብዒ ከምቲ ቅድሚኡ ዝነበርክዮ ተኣፋፊት ኣይትኾንን ኢኺ፣ ንውላድኪ ሕማም ንኸተሓላልፍሉ ዘሎ ተኽእሎ ድማ ይንኪ። ስለዚ'ዩ ንስኺ ነፍሰ-ጾር ዝኾንኪ ንኽትክተቢ ትምከሪ። እቲ ክታበት ድሕሪ መበል16 ናይ ጥንሲ ሰሙን እዩ ዝወሃብ።

## ብዛዕባ ኮቪድ-19

ኮቪድ-19 ንዓኺ ነፍሰ ጾር ዝኾንኪ ከቢድ ረኽሲ ከስዕበልኪ ይኽእል እዩ። እዚ ሕማም ብቐንዱ ኣብ እዋን ቀውዕንክረምትን እዩ ዝላባዕ። ስለዚ ንስኺ ነፍሰ ጾር ዘለኺ ቅድሚ ወቕትታት ቀውዕን ክረምትን ጸረ ኮቪድ-19 ክትክተቢ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ክታበት ድሕሪ መበል12 ናይ ጥንሲ ሰሙን እዩ ዝወሃብ። እቲ ክታበት ነቲ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን እውን ብመጠኑ ካብ ኮቪድ-19 ከለኽለሉ እዩ።

## ብዛዕባ ኢንፍሉወንዛ

ወቕታዊ ኢንፍሉወንዛ ንዓኺ ነፍሰ ጾር ዝኾንኪ ከቢድ ረኽሲ ከስዕበልኪ ይኽእል እዩ። ስለዚ ንስኺ ነፍሰጾር ዝኾንኪ ጸረ ኢንፍሉወንዛ ክትክተቢ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ክታበት ድሕሪ መበል 12 ናይ ጥንሲ ሰሙን ዘሎ ቀውዒ ወይ ሓጋይ እዩ ዝወሃብ። እቲ ክታበት ነቲ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን እውን ብመጠኑ ካብ ኢንፍሉወንዛ ይከለኽለሉ እዩ።

## እዞም ክታበታት ንዓኽን ንውላድክን ውሑሳት እዮም።

ኵሎም ኣብ ሽወደን ዝወሃቡ ክታበታት ጽዑቕ ገይሮም ዝተፈተኑ፡ ኣድማዕትን ንዓኺ ይኹን ነቲ ዘይተወልደ ውላድኪ ውሑሳትን እዮም። ከበድቲ ጐድናዊ ሳዕቤናት ሳሕቲ እዮም ዘጋጥሙ።

ዝኾነ ክታበት ምሉእ ብምሉእ መከላኸሊ ኣይህብን እዩ፡ ተኸቲብኪ ክንስኺ እቲ ሕማም ምስ ዝመሓላለፈኪ ግን ካብቲ ከይተኸተብኪ ከለኺ ዝሕዘኪ ሕማም ዝፈኮሰ ንኽኸውን ዘሎ ተኽእሎ ይዓቢ።

ኣብ ርእሲ ምኽታብን እቲ ሕማማት ብኸመይ ከም ዝላበዕ ምፍላጥን፡ ጽቡቕ ናይ ኢድ ጽሬት ምህላው ኣገዳሲ እዩ። ኣእዳውኺ ብሳሙናን ማይን ተሓጸብዮ ወይ ናይ ኢድ ኣልኮሆል ተጠቀሚ ከምኡ ምስ ትገብሪ ንነብስኺ ነቲ ሕማም ንምቅላዕ ዘሎ ተኽእሎ ዝያዳ ትቕንስዮ ኢኺ።

ነፍሰ-ጾር ኣብ ዘለኽሉ እዋን ብዛዕባ ክታበታት ሕቶታት ምስ ዝህልወኪ ምስ መሕረሲትኪ ወይ ምስ ማእከል ክንክን ጥዕና ክትዛረቢ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብዚ ብዝየዳ ከተንቢቢ ትኽእሊ ኢኺ።

www.1177.se

Folkhälsomyndigheten, 2024. Om vaccinationer för dig som är gravid (TIGRINJA). Article 24060-5
**Solna** Nobels väg 18, SE-171 82 Solna | **Östersund** Campusvägen 20, Box 505, SE-831 26 Östersund.
www.folkhalsomyndigheten.se